# ኣካ ርእናዮም መኹባዕቲ ታሪኽ ዝጎለሎም ሓተላ

ኣካ ርእናዮም

ያኢ ሃመማ ተኣኪቦም ኣልባ ከኸፍቱ
ሰብ ርቡጽ ዕብዳን ገበታ ዝሃውተቱ
እኒ ብዓል ቃርማ ልኡኻት ማለሊት
ጥብጡባት ዘጠብተብዎም ደቂ ማይ ጠላሚት

መኹባዕቲ ታሪኽ ዝጎለሎም ሓተላ
ለቕለቕቲ ሃሱሳት ኮራኩር ጭፍራ
ኣካ ራኣናዮም ውጹኣት ዕርቃን
ምልክት ንድየቶም ኣድሂብሎም ዕብዳን

ኣብ ዛሬባ ከድዓት ዝጨጭሑ ዓለቕቲ
ኣብ ጀቕጀቕ ተጻትዮም ሰልሚ ዓዘቕቲ
ኣካ ርእናዮም ሂወቶም እካ ዘይመርሑ
ገበታ ከልህልሁ ናይ ጻዕረሞት ከነብሑ

ኣካርኣናዮም ብዓል ትርከ ምርኪ
ታሪኽ ዝጸየኖም ጉርደ ምርዲ
ሕልንኦም ዝሸጡ መሬቶም እንዳተዘምተ
መንቀላውጥቲ ሓሹላት ብዓል መሸተ

በጽሒ እንዳተሰየፈ ታሪኽ ብደሙ እዳወረቐ
ብዓል ቃርማ ኣካ ርኣናዮም ከገፋግፉ ትርፍራፍ ዘዝወደቐ
ብቑንጣሮ ዕሰበት ዘተመወሉ
ፍቱሓት ስረ ወይጦት ጕሓላሉ
ትማሊ ዝዛረየ ደም ሓዎም ገና ብውዕዩ
ንብዓት ኣዲኦም ገና ኣብ ምዝራዩ
ስለ ክብሪ ስለ ሪሙ እንዳሓለፈ ስዉእ
"ይርሓሰና" ክብሉ ንእንጉይታ ኣዛብእ

ኣካ ርኣና
መልመጽቲ ቢያቲ ትፍኦም ዝልሕሱ
ወገናውያን ዝንቡዓት ሓሞቶም ዝፈሰሱ
ዝሩጋት መዓንጣ ብራሾኦም ዝጎደለ
ብዓል መስከበ ሽለት ሓንጎሎም ዝኣጎለ

ኣካ ርኣናዮም
ምስ ደቂ ውቤ ደቂ ኣሉላ
ምስቶም ሓሳዳት ጠለምቲ ማሕላ
ምስቶም ሕብሪ ዓይኒ ዝፈልዩ ደቂ ማይ ጠላሚት
ኤርትራውነት ተሓሲሞም ተመሓዝዮም ምስታ ከዳሚት

እንተ ንሕና ሰኣን ዕርፊ ምጽናዕ ነግሒ ነይነባላሹ
ጽርዲ ትማሊ እንተተደግመ መሊሱ
መብረድ ስሕለትና ጽንዓት ዓንተቦና እዩ ፈውሱ

ዓወት ንሓፋሽ

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ )

19 /12/2016

ጀርመን